**ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን** **التحالف الديمقراطي الإرتري**

**ERITREAN DEMOCRATIC ALLIANCE**

# ደምዳሚ ኣዋጅ ሻድሻይ ኣኼባ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት
# ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ካብ 21-25 ግንቦት 2006 ሻድሻይ ሱሩዕ ኣኼባኡ ኣካይዱ። ኣብ ኣኼብኡ ውሳኔታት ማእከላይ መሪሕነት ብዛዕባ መጻኢ ጉዳያት ክሳብ ኣብ ዝምጽእ ናይ ኪዳን ጉባኤ እንታይ ከምዝመስል ተዓዚቡ። በቲ ውሳኔታት ተደሪኹ መደብ ዕዮ ቤት ጽሕፈታት ኣቐሚጡ። ድሕሪ ነዊሕ ሃናጺ ክትዓት ድማ ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት ኣብ ኩሉ መዳያት ክከም ደረጃኦም ንመደባት ስራሕ ከሳልጡ ዝኽእሉን ንመጻኢ መድባት ኣድለይቲ ዝኾንዎም መንገድታት ሓንጺጹ። ከምእውን ቤት ጽሕፈት ክማላኡ ዘለዎም ዓይነታትን ጸባያትን ኣባላት ሽማግለ ኣዳላዊት ጉባኤ ዲሞክራስያዊ ኪዳን ኤርትራን ከምእውን ሽማግለ ዘተ ሃገራዊ ዋዕላ እተዳልው ዝቲዩን ከመይ ክኸውን ከምዝለዎ ተኻቲዑ። ንዑኡ ብዝምልከት ከኣ ስም ሓደስቲ ኣባላት ናይ ክልቲኤን ሽማግለታት ብምምዛዝ ዘርዚሩን: ግዲኤንን መበገሲኤንን በቲ ማእከላይ መሪሕነት ዝወሰኖ ውሳኔታት ክኸውን። ፈጻሚ ቤትጽሕፈት ኣብ ኣኼብኡ ኣገዳስነት ጽዑቅ ስራሕ ጎስጋሳት ብምግንዛብ ንኣብ ውሽጥን ኣብ ደገን ዝርከብ መላእ ሓፋሽ ኤርትራ ሓያል ጎስጋሳት ከካይድን ግዲኦም ኣብ ምልቃቕ እቲ ኣብ ስልጣን ብዘይ ጽንዕ ኣተሓሕዛን ዲክታቶርያዊ ስራሓቱ ኣብ ዝባን ህዝቢ ኤርትራ ከየተግበረ ክነብር ዘይክእል ኣረሜናዊ ስርዓት ንምውዳቁ ዓቢ ተራ ንኽጻወቱ ከም ዝበራብሩ ምግባር። ፈጻሚ ቤትጽሕፈት ብምኽንያት መበል 15 ዓመት ናጽነት ኤርትራ ምኽንያት ብምግባር ንሓይልታት ምክልኻል ኤርትራን ንሓይልታት ጸጥታን መዳበርያ (መሳርሒ) ናይቲ ስርዓት ካብ ምኻን ገዲፎም ኣብ ጎኒ እቲ ዉጹዕ ህዝቦም ደው ብምባል ኣብ መስርዕ ሃገራዊ ንዲሞክራስያዊ መቐይሮ ኣብ ምትግባር ክሳተፉ ጸዊዕ። ከምእውን ጻዊዒቱ ናብ ደገ ዝነብር ህዝብና ቃልስታቱ ከሕይልን ተግባራት ጨፍጫፍን ኣብ ምግሃስ ሰብኣዊ መሰላትን ብተግባራቱ መዳርግቲ ዘይብሉ ስርዓት ኣብ ምቅላዕ ክሳተፉን ጸዊዑ: ምውዳቅ ስርዓት ምእንቲ ክቀላጠፍ ገንዘባዊ ሓገዛቶም ኣብ ምብርካት ከሕይሉ ደጊሙ ጸዊዑ።

ፈጻሚ ቤት ጽሕፈት
ኤርትራዊ ዲሞክራስያዊ ኪዳን
25ግንቦት 2006ዓ.ም